# ዓቅምኻ ምፍላጥ ጸጋ እዩ።
# ምስ ግዜ ምጉዓዝ ልቦና እዩ።

ዓቅምኻ ፈሊጥካ ምኻድ ምስ ግዜን ኩንታትን ምዝማድ (ምጉዓዝ) ዓቢይ ጸጋን ልቦናን፣ እዩ። ገለ ገለ መራሕቲ ኣፍሪቃ ግና ዓቕሞምን ህልው ኩነታት ሃገሮም ብግብእ ከይተረድኡ ንሕዝቦን ለኪሞም ኣብ ደልሀመት ይኣትው። ካብ ዕለታት ሓደ መዕልቲ ሓደ ብጉልበትን ብጅርን ድኹም ዝኮነ ሰብ ምስ ሓደ ብዙሕ ጅርን ሕቖን እንግድዓን ማለት ድሓን ማእጋራት ቤተሰብ ዘለዎ ሰብ ባእሲ ገበረ። እቲ ማእጋር ሰብ ናብ እቲ ድኹም ሰብ ገዛ መጺኡ፣ እንታዴኻ እዩ ሃተፍተፍ ዘብለካ ዘሎ በሎ። እቲ ድኹም ሰብ ድኻሙ ፈሊጡ ስቕ ዶ ይበለ፣ ሰባት ክርእይሉ መሕሰሚ ነብሱ ክገብር ከግባዕብዕ ጀመረ። እቲ ሓያል ሰብእይ ሓፍ ኣቢሉ ንላዕሊ ሰቕሎ ናብቲ ኣብ ኣፍደገ ዝነበረ ከውሒ ክድርብዮ ወይ ከላትሞ ደለየ። እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ካብ ዝተፈላለየ ጎደቦ ዓዲ ዝመጹ ሰባት ኣይፋልካ እንታይ ከተርእየና ኢኻ በልዎ። እቲ ድኹም ብጀካ መንደፍ መልሓስ ካልእ ዘየብሉ ግን ከይትዓርቑና ኣነ እየ ብላዕሊ ዘለኹ ክብል ምግዕባው ቀጸለ። ነባሮ እንታይ እዩ ዝብል ዘሎ ሓዲግ ሰማይ ሓዲግ ምድሪ ከሎ ጥዑይ ድዩ ሕሙም ክብሉ ንነብሶም ሓተቱ??? እንተኮነ ግን ኩነታቱ ዝተረድኡ ሕማቕ ከይርእዩ ዝሰግኡ ዓራቕ ኣይፈልካን መሬት ምስ ሓዝካ ተርክበሉ በልዎ። እሞ ኣነ ብላዕሊ ከለኹ እንተዓሪቕኩምና እዚኣ ዝርያእያ በሎም። ፈፈውከብሎ ኣየ!!!! ሓንሳብ ግደፉኒ!!!! ብምባል ኣብ ኣፍ ሞት ከሎ ግዓረ። ዝዓርቀኒ ሎሚ መዓልቲ እኳ ንጥፍኣቱ እያ፣ ኣብዛ ግዜ እዚኣ ዓራቕየይ ጸላእየይ እዩ በለ። መብዛሕትኦም ብጭርቃን በል ሪኢናልካ ኣሎና ውረደሉ በልዎ። ብታሕቲ ኮይኑ ሒዝኒ ስለ ዘሎ ፈንዎ ትሕሽካ መዓልቲ ቀይረሉ ሎሚ ኣይመዓልትኻን እያ በልዎ በለ። በቲ ጉዳይ ዝተገረሙ ዓራቖ ካብ በልዎስ ይሰምዓካ እንደዮሎን ክብሉ መለስሉ። ካብ በልካ ግን ጸቂጥካዮ ስለ ዘለኻ ውረደሉ ክብሉ ሓተትዎ። እቲ ማእጋር ሰብኣይ ግዳዩ ገሪምዎ ክርትም ኢሉ ሰሓቐ ብትሕቲ ዝሕሽካ እንተኾኑ ብምባል ኣውረዶ። ምስ ወረደ ምስቶም ዓረቕቱ ዘሪኹሙኒ ኣነ ኣብ ላዕሊ ከለኹ ጸቒጠዮ እናሃለኹ ኣተዓሪቕክሞ ብምባል በብ ሓደ ዘለፎምን ጸረሮፎምን ይብሃል። ማእጋር ሰብኣይ መሊሱ ኣውዲቑ ኣብ ርእሲኡ ሸነሉ። እቲ ምጉዕባዕ ዘይምነዎ ሰብኣይ ኮፍኢለ ከለኹ ኣብ ርእሰይ ክትሸነለይ??? ሰብኣይ እንተኮንካ ደው ምስበልኩ ዘይትገጥም ብምባል ኣጉባዕበዔ። እቲ ማእጋር ሰብኣይ ግን ዋላ ተሲካ'ውን ትገብሮ ከምዘየብልካ ስለ ዝፈለጥኩ እየ በሎ ይብሃል።

መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ እዩ ሞ ሎሚ መንግስቲ ኤርትራ ዘግባባዓሉ ኣይፋለይን ኢሉ ዝውጠጠሉ ግዜ ሰዓት ኣይኮነን። ብላዕሊ ይሃሉ ብታሕቲ ይሃሉ ኩሉ ሓደ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ኵናት ዘረባ ዓራቕ ብዘይ ምስምዕኩም ወያኔ ኣጠላቕዮሙና እዮም። ከምዘይሓልፍ ኣቶ ኢሰያስ ኣድፍርኩምና እኮ ኢኹም። ኣርጊጽኩምና እኮ ኢኩም። ስሪኡ ንዘይፈትሕ ሕዚቢ እኮ ስሪኡ ከም ዝፈትሕ ጌርኩም ኢኹም??? ሎሚ ከኣ ንዳግመ ጥፍእት ጸላእቲ እናዓደምኩም ማለት ምስ ኮፌ ኣናን ኮነ ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ፣እንግሊዝ ፣ ናይ ጸጥታ ቤት ምኽሪ እውን ምስ ካልኦት ክዓርቀካን ክገላግለካን ኣብ ረጽሚን ኣብ ጸርፍን ዘብጽሕ የብልኩምን ጸላእቲ ኣይትዓዱሙልና። ኣይፋል………… ኣይፋል……… ኣይተ ኢሰያስ!!!! ዋላ ይዘርየካን የዋስነካን ምህላው እናፈለጥካ ልዙብን ልሙጽን መልሓስ ጌርካ ክትቀርቦ ኣገዳስ እዩ። ክቡር ፕረስደንቲ ዲፕሎማሲ ዝብሃል ነገር እኮ ኣሎ እዩ። ኣይተ ኢሰያስ ሕማቕ

ግላጋላይ(ኣራቃይ) ሒዙ ከም ዘህርማካ ኣብ ሃገርና ፍሉጥን ልሙዱን እንድዩ እንታይ ኮይኑ ዝሕድሰኩም ኣበይ ዲኩም ዓቢኹም??? ግዜን ኩነታትን ምርኣይ ጸጋን ልቦናን እኮ እዩ። ዘመኑ ዘመነ ማንዴላ ናይ ዘተ ፣ርትዒ ፣ ዲፕሎማሲ፣ ናይ እንካን ሃባን፣ ዘመነ ሽርክነት እዩ። ዘመነ ድርቅና ዘመነ ግትርነት እናብቕዔ እኮ እዩ።

እወ ጉዳይና ብቤት ፍርዲ ተወሲኑ ባድመ ንኤርትራ ተዋሂባ ። ግን ከኣ ኩሉ ቤት ፍርዲ ዝፈርዶ ኣብ ተግባር ይውዕል ማለት ኣይኮነን። ኣብ ተግባር ክውዕል ነቶም ፈራዶን ኣተግባሮን መሲልካን ተመሳሲልካን ክትከይድ የድሊ። ውሕሉል ኽእለት ጌርካ እኳ ንጋዳ። ከም ዚ ኢትዮጵያውያን ዘኮይድዎ ዘለው ውሕሉል ሽፈጥ ምምሳላት ክንገብርን ክንምሃርን መንግስት ኤርትራ ነዚ ክርድኦ ሕዝብና ነዚ ከስተብህለሉ ካብ ዳግመ ውሻእን ወረ ውግእን ክንድሕን ይግባእ።

ዓለም ነቲ ፍርዲ ክትግበር ጸቕጢ ኣይገበረን ??? እወ ኣይገበረን እሞ እንተዘይገበረ ምርጫና ውግእ ጥራሕ ድዩ???? ናይ ዶብ ምስሕሓባት እኮ ኣባና ጥራይ ኣይኮነንን ዘሎ። ኣብ ህንድን ፓኪስታን፣ ኣብ ናጅርይን ካሜሩንን፣ ኣብ ብራዚል ጎረባብታን፣ ኣብ ኣመርካን ካናዳን፣ኣብ ሶርያን እስራኤልን፣ ኣብ ኢራቕ ኢራንን….ወዘተ። ብጀካ ኣብናን ኣብ ኢትዮጵያን ኢራቕን ኢራንን ኣብ ኮልኦት ብልዝብ ብዘተን እዩ ዝፍታሕ ዘሎ ወይ ንምፍትሑ ኣብ መስርሕ ኣሎ። ብሓይሊ መርየትና ከነምልስ ግዴታ ኣሎና ትብሉ ኣለኹም ። እዘን ዝጠቐስኩወን ሃገራት ከምዚ ናትኩም ኣገባብ እንተዝጥቐማ ዓለም ኣብምንታይ ምሃለወት።

ኣብ ወታደራዊ ኣስተምህሮ ንጸላኢኻ ኣሕርቆ ኣእምርኡ ከም ዝስሕት (ዘይቕጻጸር) ግበሮ ። ንሕርቃኑ ተጠቒምካ ማለት ናብቲ እትደልዮ መደብ መጻወዲያ የእትዎ። ኣብ መጻወዲያ ምስ ኣተወ ግብሪትካ ግበር ይብል። ኢትዮጵያዊያን ኸኣ ኣብ መጻወዳያ የእትውና ኣለው። ኣይተ ኢሰያስ ብጣዕሚ ሓሪቕኩም ተቖጢዕኩም ኣለኹም። ኣእምሮኹም ሲሒትኹም ኽይትህሉእውን ስግኣት ኣሎኒ።ማለት እቲ ዓሰብ ይግብኣና እያ ዝብል ናይ መላእ ኣምሓራ ሕልሚ ሎሚ መለስ ንዕኡ ከተግብር ኣለዎ ወይ ኣብ ስልጣን የለን። ንምሉእ ኢትዮጳያ ሓንቲ ትገብሮም ከኣ እዛ ሕቶ እዚኣ እያ። ዶ !!! ንስኹም እውን ኣብዚ ወዲት ኣለኹም ኢኩም። ነቲ ሕቡእ ኣጀንዳኹም ከይ ፍለጥ ከተዳናግሩ ኢኹም ጭፍራ ወያኔ ሓንካሪ ከምዚ ከምዚ ተማሻጢሩ እናበልኹም ንሕዝቢ ትሰብኩ ዘለኹም። እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ። ኣብቲ ወዲት ማለት ምስ ወያኔ ምስ ኣምሓራ ንስኹም ኣይተ ኢሰያስ ዝእተኹሞ ቃልኪዳነ ከይህሉ ስግኣት ኣሎ ??? ጉዳዩ ምርዳእ ኣቢና። ግን ንግዜ ንግደፎ??? በቲ ሓደ ገጽኩም ከኣ ፕረዝደንቲ ኢሰይስ ነቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርኤ ዘሎ ናይ ስልጣን ቅድድም ኣጎሃሂርኹም ውግእ ክትከፍቱ እሞ መሬትኩም ብሓይሊ ክትመልሱ እዩ እቲ ፕላን ወይ መደብ። ግን ጉዳዩ መርዓስ ይትረፈን ዓደን ይኽረማ እዩ ዝመስለኒ። ማለት ባድመ ብሓይሊ ምምላስ ዘይኮነስ ዓሰብ ምርካብ ናብ ኢትዮጵያ ከይኮነ ኣይተርፍን። ናይ ዝቐደመ ኩናት ጌጋ ግምትኩም ምሩጻት የሕወትና ከፊልናን ኣሰንኪልናን 25 ኪለመተር ኣብ ኢድ ዓቃቢ ሰላም ኣትዩ። ኣይውግእ ኣይሰላም ንዓመታት እንሆ። ሰለምንታይ??? ውግእ ስለ ዝተመርጸ። ሎሚ ውግእ እንተ ተከፊቱ ከኣ ዓራቒ እኳ ኣይንረክብን።

ኣቶ ኢሰያስ ክምስሉ ከለው ዓሻ ቕልጽሙ እንተ ሓበጠ ዝሓየለ ይመስሎ ይብሉ። ኣቶ ኢሰያስ ቕልጽምኩም ሓቢጡ ከይህሉ። ኣስተብህሉሉ ንበሎም። ብልዙብ ቃላት። ሎሚ ግዜ ሓይሊ ኣብ ቅልጽም ወይ ኣብ ብረት ከም ዘይኮነ ኣቶ ኢሰያስ ኣስተውዕሉ ንበሎም።

ቀዳማይ ጸሓይ ኣትበርኽን እያ ዘበልኩሞ መምሃሪ ይኹንኩም ንበሎም ዳጊምና ንኣቶ ኢሰያስ።

ኣቶ ኢሰያስ ከፉኹሱ እንከለው ባድመ ዘይክልተ ኣጎዶ እየን ዘለውኣ ንዝበልዎ ዘረባ ደገምና ነዘካክሮም።

ንኣቶ ኢሰያስ። እዘን ክልተ እጉዶ በሽሓት ኣጥፌኤን ኣሰንኪለን ኣዘናቢለን። ምስ ኣጥፍኣ ከኣ ናብ ጠረቤዛ ምስ ኢትዮጵያ ኮፍ ኢልኩም ።

ሕጂ ኸ ከተጥፍእዎ ዘደለኹም ንጹሃት መንእሰያት ስለ ዘለው ድዮም ንበሎም ንኣቶ ኢሰያስ። ወይ ብዳግመ ፍሽለት ንማእሰርቲ ዝተሓጽዩ ስለ ዘለው ድዮም???

ኣብ መደምደምታ ኣቶ ያሲን ማለት ናይ ኣእምሮ ጸገም ዝነበሮ ማለት መንደፈራ 1977 ቅድሚ ምትሓዛ ንተጋደለቲ ዝበሎ ከዘካክረኩም

ኢትዮጵያ ሰብ ማእገር እዮም ሰብ ሕቖ እዮም ብዙሓት ዘራያት ኣሎውዎም መጋጥምትኹም ፍለጡ በሎም። ነቶም ጦር ሰራዊት ከኣ ተመሊሱ ኣይትክእልዎም ብዝሰልኩዎን ዝኣትውዎን ኣይፍለጡን እዮም በሎም። ኩብር ፕረዝደንቲ ኸኣ ስራሕ ያሲን ትደግሙ ኣለኹም።

ኣቶ ኢሰያስ ከኣ ባዕልኩም ኣመሪካ ዘርያትና ኣውሮጵ ምስ ኢትዮጵያ እዮም ዝድግፉ ትብሎና ኣለኹም። ሰብ ማእገር ምኻኖም ካብ ፈለጥኩም ስጋዕ ማእገር እትረኽቡ ቁሩብ ዘይትዕገሱ። ዓቅምኻ ፈሊጥካ ምኻድ ምስ ግዜን ኩንታትን ምዝማድ (ምጉዓዝ) ዓቢይ ጸጋን ልቦናን፣ እዩሞ ትዕግስቲ ይሃብኩም።

ንምኻኑ ምስ ሰራዊት ናይ ሕቡራት መንግስታት ሓዲሽ ግንባር ከፊትኩም ምህላውኩም ከየስደመመና ኣይተረፈን። ስለምንታይ ባእሲ ምስ ሰራዊት? እንድሕሪ ዝኣበስዎ ነገር ኣሎ ነቲ ዝላኣኾም ኣካል ተዛራሪብካ ምፍትሑዶ ኣይምረጽን። እዚ እኳ እዩ ዲፕሎማሲ ዝባሃል።

ኣማረ ሞብኣጽየን